SCHWEIZERISCHE FLÜCHTLINGSHILFE
ORGANISATION SUISSE D'AIDE AUX RÉFUGIÉS
ORGANIZZAZIONE SVIZZERA AIUTO AI RIFUGIATI
www.osar.ch

# ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ንዝሓቱ ኣገዳሲ ሓበሬታ

ካብ ሃገርኩም ተሰዲድኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ኣብ ምሕታት ዲኹም ትርከቡ? ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ስደተኛታት ሓጋዚ ድርጅት (SFH) ነዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣዳልዩ ኣሎ። እዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ንዘሎ ምጽራይ ዑቕባ የብርሃልክን/ኩም።

እዚ ናይ ስዊዘርላንድ ናይ ስደተኛታት ሓጋዚ ድርጅት (SFH) ነብሱ ዝኸኣለ ዘይመንግስታዊ ትካል ኮይኑ ናይ ስደተኛታትን ዑቕባ ንዝሓቱን መሰል ንምኽባር ዝቃለስ ማሕበር እዩ። ናትና መርበብ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.osar.ch ብተወሳኺ"ውን ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ንስደተኛታትን ዑቕባ ንዝሓቱን ኣገዳሲ ሓበሬታት ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ www.for-refugees.ch

# 1. ናይ ዑቅባ ሕቶ ምቕራብ

## 1.1 ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ምሕታት

ኣብ ሓደ ንና ስዊዘርላንድ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ሓቲትክን/ኩም ኣለኽን/ኹም።

→ ስጋብ እቲ ጉዳይኩም ዝሳለጥ (ማለት ኣብቲ ናይ ፈለማ ጊዜ) ኣብቲ ናይ መዕረፍ ነፈርቲ ቐጽሪ ግቢ ዘሎ ናይ ትራንዚት ቦታ ኢኽን/ኹም ትነብራ/ሩ።
→ ፓስ-ፖርት ወይ ከኣ ዝኾነ ናይ መንነት ወረቐት እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ከተረክብዎ ኣለኩም። ቃለ መጠይቕ ድማ ትገብሩ።
→ እቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ድሕሪ ምቕራብኩም ኣብ መዝገብ ተመዝጊብኩም ስእሊ ትሰኣሉ ከምኡ'ውን ናይ ኣጻብዕቲ ዓሻራ ይውሰድ። ሰበስልጣን ስዊዘርላንድ ዓሻራኹም ኣብ ማእከላይ ዳታ ባንክ (Eurodac) ብሓንቲ ናይ ኤውሮጳ ማሕበር ዓዲ፣ ብኖርዌይ ወይ ብኣይስላንድ ዝተመዝገበ እንተኮይኑ የጻርዩ። ከምኡ እንተኾይኑ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ኸኣ በዓል/ቲ ሓዳር ይኹን ቆልዑ ዘይብልክን/ኩም እንተኾይኑ፣ እቲ ኻልእ ዓዲ እዩ ንዘመልከትክንኦ/ኩሞ ዑቕባ ሓላፍነት ዘለዎ። ስዊዘርላንድ ንዓኽን/ኹም ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ዓዲ ክትሰደክን/ኩም ክፍትን እዩ። ኣብ ናይ ኤውሮጳ ዓድታት ሓደ ጊዜ ጥራሕ ኢኽን/ኹም ዑቕባ ክትሓታ/ቱ ትኽእላ/ሉ(ምጽራይ ዳብሊን) (DABLIN-Verfahren)። እቲ ናይ መጀመሪያ ዓዲ ጥራሕ እዩ፣ ዘመልከትክንኦ/ኩሞ ብትኽክል ክቕበሎን ከጻርዮን ዘለዎ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልእ ዓዲ ኤውሮጳ ዑቕባ ሓቲትክን/ኩም እንተኳንክን/ኩም እሞ፣ እቲ ዓዲ ንጉዳየይ ልክዕ ኣየጻረየለይን ትብላ/ሉ እንተኳንክን/ኩም፣ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ናብ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ሕጋዊ ምኽሪ (Rechtsberatungsstelle) ኪዳ/ዱ። እቲ ትስደዳሉ/ዱሉ ዓዲ ንምሳለ፡ ንዑቕባ ብቑዕ ከለኩ፣ ንሕቶ ዑቕባይ ከይመርመረ ብቐጥታ ንመበቆል ዓደይ ክሰደኒ እዩ ዝብል ፍርሓት እንተለክን/ኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ንምጽናሕ ሕተታ/ቱ። እታ ትምለሱላ ዓዲ ኤውሮጳ ቀጺላ ናብቲ መግረፍቲ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ከኣ ዘዋርድ መቕጻዕቲን ግፍዕን ኣብ ዝጽበየኒ መበቆል ዓደይ ክመልሰኒ እዩ ዝብል ፍርሒ እንተለክን/ኩም`ዉን ኣብ ስዊዘርላንድ ንምጽናሕ ሕተታ/ቱ።

## 1.2 ምዝገባ

እቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት **ንመንነትኩምን** ንመንነት ስድራቤትኩምን ዝምልከት ሕቶ **የቕርብልኩም** እሞ በየናይ **መንገዲ** ከም ዝመጻእኹምን እቲ **ንኽትስደዱ ዝገደደኩም ምኽንያት** ንኽትገልጹ ይሓትኹም። ኣብቲ ናይ ቃለ መጠይቕ ዝግበረሉ ጊዜ ድማ ሓንቲ ወይ ሓደ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ተረኺቡ ይሓተኩም ከምኡ`ውን ኣድላይ እንተኾይኑ ሓደ ኣተርጓማይ ወይ ኣተርጓሚት ክህሉ እዩ።

→ ሃገርኩም ገዲፍኩም ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ምኽንያት ግለጹ።
→ እንተድኣ ኣብ ዝሓለፈ ዘጋጠመኩም ኹነታት ኣሎ እሞ ኣብ ቅድሚ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክትዛረብዎ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም ሓበሬታ ሃቡ።
→ እንተድኣ ናይ መንነት ወረቐት ከተረኽቡ ዘይትኽእሉ ኮይንኩም ሓበሬታ ሃቡ።
→ እንተድኣ  ዘይተረድኣኩም ነገር ኣሎ ኮይኑ ከምዘይተረድኣኩም ሓብሩ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ እትገብርዎ ቃለ መጠይቕ ኩሉ ሓደ ፕሮቶኮል ክትፍርሙ ኣለኩም ። እቲ ዝሃብክሞ መልሲ ኩሉ ልኽዕ ከምቲ ዝበልኩሞ ተጻሒፉ ከምዘሎን እቲ ዝሃብክሞ ቃልኩም ድማ ብሙሉኡ ተጻሒፉ ምኻኑ ኣረጋግጹ።






## 1.3 ዶኩመንትታት / ናይ መረጋገጺ ሰነድ

→ ዝኾነ ይኹን ሰነዳት ነቲ ዘጋጠመኩም ጸጋማት ምስክር ክኸውን ዝኽእል ኩሉ ንመዝገብ ክተሓዝ ኣረክቡ።

→ ካብቲ እተረክብዎ ሰነዳት ኩሉ ቅዳሕ ንዓኹም ኣትርፉ።

## 1.4 መረጋገጺ

ምናልባት ነቲ ናትኩም ኹነታት ንምርግጋጽ ተወሳኺ መጽናዕቲ ክግበር ይኽእል እዩ ።

→ እንተድኣ እብቲ መበቆል ዓደይ እዩ ኢልኩም ዝሃብኩሞ ሃገር ጥርጣሬ ሓዲሩ ብሓደ ናይ ቋንቋ ፈላጥ ክትሕተቱ ትኽእሉ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ሃገር ዘለኩም ፍልጠት ስጋብ ክንደይ ከምዝኾነ ክትምርመሩ ትኽእሉ።

→ እንተድኣ በቲ ዝሃብኩሞ ዕድመኹም ጥርጣረ ሓዲሩ ብሓደ ኪኢላ ግምት ክግበር ይከኣል እዩ ።

## 1.5 ብድሕሪኡ ከመይ ይቕጽል?

ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ፣ ብናይ ፌደራል ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ሰበስልጣን፣ ብዛዕባ ምኽንያት ዑቕባ ትሕተታ/ቱ። ከምዚ ዝስዕብ ከኣ ይወሃበክን/ኩም፡

- ምኽንያት ዑቕባ ኣይተኣመነን። ነዚ ተቓዊምክን/ኩም ይግባይ ክትብላ/ሉ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም።
- ኣሉታዊ ውሳነ ዑቕባ። ነዚ ተቓዊምክን/ኩም ይግባይ ክትብላ/ሉ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም።
- ናብ ዉሽጢ ስዊዘርላንድ ኣቲኽን/ኹም ሕቶ ዑቕባ ኣብኡ ንኽጸረ ተፈቒዱ። እዚ ፍቓድ ንወሑድ ጉዳያት ጥራሕ እዩ ዝወሃብ።

→ ኤን (N) ዝበሃል መንነት ወረቐት ይወሃበኩም።.

  

# 2 ቃለ መጠይቕ

ኣብቲ ናይ ዑቕባ ምሕታት ጉዳይ እቲ እትገብርዎ ቃለመጠይቕ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ሓንሳብ ወይ ከኣ ብተደጋጋሚ ክትሕተቱ ትኽእሉ። እቶም ቤት ጽሕፈት ድማ ነቲ ናይ ዑቅባ ሕቶኹም በቲ ዝገብርኩሞ ቃለ መጠይቕን በቲ ዝተጻሕፈ ፕሮቶኮልን መሰረት ብምግባር ይውስኑ።

## 2.1 ኣብቲ ዝግበር ቃለ መጠይቕ መን ይካፈል?

→ ነቲ ቃለ መጠይቅ ዝመርሕ ሓደ ወይ ከኣ ሓንቲ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ይህሉ/ ትህሉ።

→ ሓደ ኣተርጓማይ ወይ ኣተርጓሚት ነቲ ዝቱርገም ብሙሉኡ የተርጉም ነቲ እትህብዎ መግለጺ ግን ፍርዲ ወይ ከኣ ኣጠቓላሊ መግለጺ ምሃብ ኣይፍቀድን እዩ። እቲ ውልቀሰብ መንነቱ ሕቡእ ምግባር ይከኣል እዩ። እንትድኣ ደሊኹም ሓደ ዝመረጽኩሞ ኣተርጓማይ ኣሰኒኩም ክመጽእ ይኽእል እዩ ፣ ግን እዚ ኣተርጓማይ ዑቕባ ኣብ ምሕታት ዝርከብ ውልቀሰብ ክኸውን የብሉን ።

→ ሓደ ናይ ረድኤት ማሕበር ወኪል (ኣባል ናይ ሓደ ዘይመንግስታዊ ድርጅት) ዝኾነ ነቲ ጉዳይኩም ይዕዘብ። እዚ ውልቀሰብ እዚ ተወሳኺ ሕቶ ንኽሕተት ክምኡ"ውን ጸብጻብ ናይቲ ዝተገብረ ቃለ መጠይቕ ናብቲ ድርጅት ከምዝለኣኽ ክገብር ይኽእል እዩ።

→ ከምኡ"ውን ባዕልኹም ውክልና ስልጣን ዝሃብኩሞ ናይ ሕጊ ወኪል ወይ ከኣ ዝኾነ ዕድሚኡ ዝመልኤ ውልቀ ሰብ (ግን ንባዕሉ ዑቕባ ዝሓተተ እሞ እቲ ዝሓተቶ ዑቕባ ገና ዘይተወሰነ ክኸውን የብሉን) ከሰንየኩም ይኽእል እዩ።

## 2.2 እቲ ሕቶታት

ከም ልምዲ እቲ ኣገባብ ናይቲ ቃለ-መጠይቕ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን ፥
ድሕሪ ናይቶም ኣብኡ ዝተረኽቡ ሰባት ምልላይ ናይቲ ቃለ-መጠይቕ ኣገባብ ስርዓት ክምኡ'ውን መሰልኩምን ግዴታኹምን ይንገረኩም እሞ ብድሕሪኡ እታ ወይ እቲ በዓል ስልጣን ብዛዕባ **ናይ ነብስኹም ዝምልከት ጉዳይ ሕቶታት ተቕርበልኩም/ የቕርበልኩም፣** ማለት ብዛዕባ

→ መንነትኩምን ንመንነትኩም ዘረጋግጽ ሰነዳት

→ ስድራቤትኩምን ኣዝማድኩምን

→ ወተሃደራዊ ኣግልግሎት

→ ካብ ሃገርኩም ናብ ስዊዘርላንድ በየናይ መንገዲ ጌርኩም ከም ዝመጻእኹም

→ ኣብ ሃገርኩም ይኹን ኣብ ስዊዘርላንድ ዝሰራሕኩሞ ስራሕ

→ ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተተቐሚጥኩም

→ ናይ ሕጊ ወኪል ኣብ ሃገርኩምን ኣብ ስዊዘርላንድን

ኣብ መወዳእታ ንምንታይ ኣብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ትሓቱ ከም ዘለኹም ንኽትገልጹ ዕድል ይወሃበኩም።

**ብመሰረት ሕጊ (ዓንቀጽ 3 ናይ ኣሳይለም ሕጊ) ስደተኛታት ውቕባ ይዋሃቦም።**

*ስደተኛታት ክበሃል ከሎ ውልቀሰባት ምስ ናይ ሃገሮም መንግስቲ ወይ ኣብቲ ኣብ ቀረባ ጊዜ ዝቕመጡሉ ዝነበሩ ዓዶም ብምኽንያት ዓሌት ፣ሃይማኖት ፣ ብሄር፣ ኣብ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ጉጅለ ኣባል ብምዃን ወይ ከኣ በቲ ዘለዎም ናይ ፖለቲካ ኣረኣእያ ክብድ ዝበለ ጸገማት እንተድኣ ወሪድዎም ወይ ከኣ ብሓቂ ፍርሓት እንድሕር ኣለዎም ኮይኑ እዩ። ክብድ ዝበለ ጸገማት ክበሃል ከሎ እንተድኣ ኣብ ነብሰኻ ፣ ኣብ ህይውትካ ወይ ከኣ ኣብ ናጽነትካ ሓደጋ ኣጋጢምካ ከምኡ'ውን እንተድኣ ስነኣእምራዊ ጸቕጢ ክስዕቡ ዝኽእሉ ቅጥዒታት ኣጋጢምካ እዩ። ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ፍልይ ዝበለ ዘጋጥም ጸገማት ድማ ኣቕልቦ ይግበረሉ።*

## 2.3 ኣብ ስዊዘርላንድ ውቕባ ምሕታት

ቃለ መጠይቕ ኣብ እትገብሩሉ እዋን ኩሉ ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ምኽንያትን ከምኡ'ውን ኣብ ስዊዘርላንድ ውቕባ ኽትቅበሉ ዘድለየኩም ምኽንያት ግለጹ። ብዘይ ፍርሓት ናጻ ኮይንኩም ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኩሎም ኣብዚ ጉዳይ ዝካፈሉ ሰባት ሚስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም ከምኡ'ውን እቲ ንስኹም ትብልዎ ንማንም ሰብ ክነግሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ።

እዚ ክፋል ናይቲ ቃለ-መጠይቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። **ሃገርኩም ገዲፍኩም ንኽትስደዱ ዘገደደኩም ምኽንያት እንታይ ወይ ድማ መን ከምዝኾነ ንኽትገልጹ ይንገረኩም።**

→ እቲ እትህብዎ ቃልኩም ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰ ክኸውን ኣለዎ። ብዝተኻእለኩም መጠን ዝርዚርኩም ግለጹ።
→ ብዛዕባ ስሚዒትኩም ድማ ግለጹ ፣ እንተድኣ ኣብ ዝሓለፈ ዘጋጠመኩም ኹነታት ኣሎ እሞ ኣብ ቅድሚ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክትዛረብዎ ዘይትኽእሉ ኮንኩም ሓበሬታ ሃቡ።
→ ነቲ ኣብ ዓድኹም ዝወረድኩም ፖለቲካዊ ጸገማት ዝምልከት ሰነዳት ኩሉ ምሳኹም ተማልኡ። (ናይ ፖሊስ ወረቐት፣ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነ፣ ናይ ቤት ማእሰርቲ ሰነዳት፣ ናይ መፈራርሒ ደብዳቤታት፣ ናይ ሓኪም ምስክር ወረቐት፣ ጋዜጣታት፣ ስእሊታት ወዘተ። ቅዳሕ ድማ ምሳኩም ሓዙ)።
→ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሓደ ንዓኽን/ኹም ኣብቲ ምክትታል፣ ምግራፍ ወይ ከኣ ኢሰብኣዊ ግፍዒ ንኸየጋጥመክን/ኩም ናብ ዘፍርሓክን/ኩም መበቆል ዓድኽን/ኹም ከይሰደክን/ኩም ትፈርሕኦ/ዎ ዓዲ ኤውሮጳ`ዶ ኔርክን/ኩም፣ ንገራ/ሩ። ነቲ ዘለክን/ኩም ፍርሓት ኣስፊሕክን/ኩም ተዛረባ/ቡ።

ምናልባት እንተድኣ **ዘይተጻረየ ነገር፣ ዘይምርድዳእ፣** ከምኡ'ውን **ዝተዋቐዔ ነገር** ኣሎ ኮይኑ ተወሳኺ ሕቶታት ክሓትኹም ኢዮም። መልስታት ትህብዎ ኹሉ ኣብ ጽሑፍ ክሰትር ኣለዎ ንዓኹም ድማ ክትርጎመልኩም ኣለዎ።

## 2.4 ንስድራቤት ዝግበር ቃለ-መጠይቕ

ኣባላት ስድራቤት ዝኾኑ በብሓደ ይሕተቱ። ሓደ ምሉእ ዕድመ ዘለዎ ኣባል ናይ ስድራ ቤት ክሕተት ከሎ እቶም ካልኦት ኣብ ካልእ ክፍሊ ይጸንሑ። ቆልዑት ድማ እንተድኣ ካልእ ተጻራሪ ነገር ዘየለ ኮይኑ ኣብ ቅድሚ ስድራቤቶም ይሕተቱ።



# 3 ፕሮቶኮል

እቲ ዝተገብረ ቃለ-መጠይቕ ኩሉ ብፕሮቶኮል ይትሓዝ። ቃለ-መጠይቕ ድሕሪ ምግባርኩም እቲ ፕሮቶኮል ይትርጎመልኩም። ኣብ ነፍስ ወከፍ ገጽ ድማ ንኽትፍርሙ ትሕተቱ።

→ እንተድኣ ዘይተረዳኣኩም ነገር ኣሎ ኮይኑ ክትነግሩ ኣለኩም። እቲ ዝተጻሕፈ ፕሮቶኮል ድማ ልክዕ ከምቲ ዝበልኩሞ ተጻሒፉ ምዃኑ ኣረጋግጹ። እንተድኣ ዘይንጹር ነገር ኣሎ ኮይኑ ወይ ከኣ ጌጋ ኣለዎ ኮይኑ ክእረም ከም ዘለዎ ሓብሩ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ቃለ-መጠይቕ ካብቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽትቕመጡ ዘገደደኩም ምኽንያት ገና ዘይጠቐስኩሞ ነገር እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ ንኽትገልጹ ትሕተቱ። እቲ ክትገልጽዎ ዝደለኹም ምኽንያት ኩሉ ከምዝገለጽኩምን እቲ ፕሮቶኮል ድማ ኣብ ሓቂ ዝተሞርከሰ ከምዝኾነ ብኽታምኩም ተረጋግጹ።

# 4 ናይ ኣሳይለም ውሳነ ምሃብ

ሕቶ ዑቕባ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ንኽጻረ ሓደ ሓደ ጊዜ **ውሑድ መዓልታት ወይ ከኣ ሰሙናት** እዩ ዝወስድ። ፌደራል ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ኣብ ውሽጢ 20 መዓልቲ ናይ መጀመርታ ውሳን እንተዘይወሲኑ፣ ኣብ ካንቶን ንኽትኣትዋ/ዉ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም። ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ እንተበዝሐ 60 መዓልቲ ኢኽን/ኹም ትጸንሓ/ሑ። ብእዋኑ ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ምስዘለው ኣማኸርቲ ተራኸባ/ቡ(ናይ ኣድራሻታት ዝርዝር http://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe/nuetzliche-adressen ነጥቢ 5 ርኣያ/ዩ)!

ከም ልሙድ ካብቲ ናይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ምቕባል ውጻእተኛ ስደተኛታት ብቋንቋ ጀርመን፣ ፈረንሳ ወይ ከኣ ጣልያን ብጽሑፍ መልክዕ ይላኣኽልኩም። ብዙሕ ዝተፈላልየ ዓይነት ናይ ኣሳይለም ውሳነ እዩ ዘሎ፥

ኣብ ናይ መዕረፍ ነፈርቲ ምጽራይ ከምዚ ዝስዕብ ውሳነታት ትረኽባ/ቡ፥

## 4.1 ንስዊዘርላንድ ናይ ምእታው ፍቓድ

ፌደራል ቤት ጽሕፈት ሕቶ ዑቕባኽን/ኹም ኣብ ውሽጢ ስዊዘርላንድ ንኽጻረ ይዉስን። እዚ ማለት ግን ሕቶ ዑቕባኽን/ኹም ተወሲኑ ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ **ንስዊዘርላንድ ክትኣትዋ/ው ተፈቒዱ** ማለት እዩ።

## 4.2 ጊዚያዊ ተቐባልነት

ዋላ እኳ እቲ ዘቕረብኩሞ ናይ ኣሳይለም ሕቶኹም ይነጻግ እምበር **ኤፍ(F) መንበሪ ፍቓድ** ኣውጺእኹም ኣብ ስዊዘርላንድ ክትቕመጡ ትኽእሉ። እዚ ኹነታት ከጋጥም ዝኽእል ድማ ናብ ሃገርኩም ንኽትምለሱ ዘይከኣል እንተኾይኑ ወይ ከኣ ንሃገርኩም ንኽትምለሱ ዘየተባብዕ ከቢድ ሓደጋ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዩ። ንኣብነት ናይ ነንሕድሕድ ኹናት እንተሎ ወይ ከኣ ከቢድ ሕማም ምስ ዘጋጥም እዩ።

 

## 4.3 ኣሉታዊ ውሳኔ

***ብቑዕ ምኽንያት ዘለዎ ኣሉታዊ ዝኾነ ውሳነን ናብ ሃገርካ ንምስጓግ ዝግበር ናይ ኣሳይለም ውሳነ***

እቲ ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቕባ ሕቶ ስለ ዝተነጽገ ካብ ስዊዘርላንድ ክትወጻ/ጹ ኣለክን/ኩም። ከም ግቡኡ ክሳብ ትምለሳ/ሱ ካብ መዕረፍ ነፈርቲ ክትወጻ/ጹ ኣይፍቀድን እዩ። እዚ ኹነታት ከጋጥም ዝኽእል እንተድኣ ብኣረኣእያ ናይቶም በዓል መዚ ነቲ ዘቕረብኩሞ ናይ መስደዲኹም ምኽንያት ብቑዕ ኮይኑ ምስዘይረኽብዎ ወይ ከኣ እቲ ዘቕረብኩሞ ናትኩም ታሪኽ ክእመን ብዘይክእል መንገዲ ምስእትገልጽዎ ወይ ከኣ መረጋግጺ ሰነድ ምስዘይተቕርቡን እዩ።

***ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ዝተወሰነ ኣሉታዊ ዝኾነ ናይ ኣሳይለም ውሳነ (ኣብ ግብሪ ዘይውዕል ውሳነ፣ ናብ ሳልሳይ ሃገር ምስጓግ፣ ናብ ሓደ ናይ ኤውሮጳ ማሕበር ዓዲ፣ ኢ.ይስላንድ ወይ ከኣ ኖርዌይ ምስጓግ)***

እቲ ዘቕረብኩሞ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ምስ ኣቕረብኩም ኣብቲ መጀመርታ ጊዜ ሕጽር ዝበለ ቃለ መጠይቕ ትገብሩሞ ካብኡ ጉዳይኩም ቀጻሊ ከይተመርመረ ስዊዘርላንድ ብቕጽበት ለቒቕኩም ንኽትውጹ ትግደዱ። እዚ ክኸውን ዝኽእል፥

- ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ዑቕባ ቅድሚ ምሕታትክን/ኩም፣ ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ኤውሮጳ ማሕበር፣ ኣይስላንድ ወይ ኖርዌይ እንተኤርክን/ኩም። ብዛዕባ መምጽኢ መገድኽን/ኩም ሓጺር ቃለ መጠይቕ ትገብራ/ሩ፣ ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ከኣ ወካሊ ማሕበር ሓገዝ ኣይሳተፍን እዩ። ከምዚ እንተኾይኑ ናብቲ ንምጽራይ ሕቶ ዑቕባኽንን/ኹምን ምስጓግን ሓላፍነት ናብ ዘለዎ ዓዲ ክትምለሳ/ሱ ኢኽን/ኹም።
- ናብ ስዊዘርላንድ ቅድሚ ምምጻእኹም ኣብ ካልእ ሳልሳይ ሃገር ንነዊሕ እዋን እንድሕር ጸኒሕኩም ወይ ተቐሚጥኩም ወይ ከኣ ኣዝማድኩም ኣብኡ ይነብሩ እንተድኣ ኮይኖም።
- ናብ ሓደ ካብ ምምላስ ዓድኽን/ኹም ዘዑቑብ ዓዲ ክትኣትዋ/ዉ እንተኺኢልክን/ኩም።
- እንተድኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ወይ ካልእ ኣውሮጳዊት ሃገር ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ሓቲትኩም ኔርኩም እሞ ሕጂ ካብቲ ዘቕረብኩሞ ፍልይ ዝበለ ሓድሽ ናይ መስደዲኹም ምኽንያት ምስዘይትገልጹ።
- ናብ ስዊዘርላንድ ዑቕባ ክትሓቱ ዘይኮነስ ብኻልእ ምኽንያት እንድሕር መጺእኹም ኮይንኩም (ብናይ ስድራቤት ወይ ከኣ ቁጠባዊ ምኽንያት)።
- እንተድኣ ድኣ እቲ ቕኑዕ ዝኾነ መንነትኩም ሓቢእኹም (ጌጋ ሽም፣ ጌጋ ዕለተ ልደት ወዘተ)።
- እንተድኣ ምስ ናይ ስዊዘርላንድ ቤት ጽሕፈታት ኽትገብርዎ ዝግባኣኩም ምትሕብባር ዘየኽበርኩም (ንኣብነት ኣብቲ ናይ ቃለ መጠይቕ ጊዜ ምስዘይትርከቡ)።
- እንተድኣ መንነት ወረቐት ዝይብልኩም ኮይኑ ወይ ከኣ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ሓድሽ ከተውጽኡ ዘይትኽእሉ እንተ ኾይንኩም ወይ ብቑዕ ምኽንያት ዘየቕረብኩም ከምኡ'ውን እቶም ቤት ጽሕፈታት ነቲ ዘቕረብኩሞ ምኽንያት ፈጺሞም ምስዘይኣምንዎ።
- እንተድኣ ብኣረኣእያ ናይ ስዊዘርላንድ ቤት ጽሕፈታት እቲ ዝመጻእኩምሉ ሃገር ከም ውሑስና ዘለዎን ካብ ፖለቲካዊ ጸገማት ናጻ ዝኾነ ሃገር ዝቖጸር ኾይኑ ከምኡ'ውን እቶም ቤት ጽሕፈታት ነቲ ዘቕረብኩሞ ምኽንያት ፈጺሞም ምስዘይኣምንዎ።
- ኦንተድኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ ትነብሩ ኔርኩም እሞ ድሕሪ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣተኹም ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣቕሪብኩም ኮይንኩም ከምኡ'ውን እቲ

ዘቕረብኩሞ ናይ መስደዲኹም ምኽንያት ነቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት ዘይእመን ኮይኑ ምስዝረኽብዎ።

**መጠንቐቕታ፥** እንተድኣ ይግባይ ዘይበልኩም፣ ወይ ድማ እቲ ይግባይ ዝበልኩሞ እንተድኣ ተነጺጉ ኮይኑ ኣብ ስዊዘርላንድ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ትነብሩ ከምዘለኹም እዩ ዝቑጸር።

ከከም ዓይነት ናይቲ ዝወሃበኩም መንጸግቲ ምኽንያት እቲ ውሳነ ምስ ተቐበልኩሞ ክትእሰሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ይግባይ እንተ ኣመልኪትክን/ኩም፣ ክሳብ ዝዉሰን ከም ግቡኡ ኣብ ስዊዘርላንድ ክትጸንሓ/ሑ ትኽእላ/ሉ ኢኽን/ኹም።

**ክፍለጥ ዘለዎ ፍሉይ ነገር፡** ናብ ስዊዘርላንድ ቅድሚ ምምጻእክን/ኹም ኣብ ሓደ ዓዲ ናይ ኤውሮጳ ማሕበር፣ ኣይስላንድ ወይ ኖርዌይ እንተኤርክን/ኩም እሞ፣ ንምጽራይ ሕቶ ዑቕባኽን/ኹም ሓላፍነት ዘለዎ እቲ ዓዲ እንተኾነ። ንኽምዚ ዓይነት ጉዳይ፣ እቲ ዘመልከትክንኦ/ኩሞ ይግባይ ክሳብ ዝዉሰን ኣብ ስዊዘርላንድ ምጽባይ ንኽፍቀድ ሕተቱ/ታ። ነዚ ግን ኣስፌሕክንን/ኩምን ጭቡጥ ብዝኾነ ናትክን/ኩም ጉዳይን ከተመኽንያ/ዩ ኣለክን/ኩም። ኣብ ስዊዘርላንድ ምጽባይ ንኽፍቀድ ትሓታሉ/ቱሉ ምሳለታት፣ እቲ ናይ ኤውሮጳ ዓዲ ንዓኽን/ኹም፡

- ትቕብል ኣቢሉ ናብቲ መግረፍቲ፣ ኢሰብኣዊ ወይ ዘዋርድ መቕጻዕቲን ግፍዒን ናብ ዘጋጥመክን/ኩም መበቆል ዓድኽን/ኹም ዝሰደክን/ኩም እንተኾይኑ።
- ንዑቕባ ብቑዓት ከለኽን/ኹም፣ ሕቶ ዑቕባኽን/ኹም ከየጻረየ፣ ትቕብል ኣቢሉ፣ ንመበቆል ዓድኽን/ኹም ዝመልስ እንተኾነ።

ናብቲ ሓላፍነት ዘለዎ ዓዲ ኤውሮጳ እንተተሰደድክን/ኩም እዉን፣ ዘመልከትክንኦ/ሞ ይግባኝ ኣብ ስዊዘርላንድ ይዉሰን እዩ። ንፌደራል ቤት ፍርዲ ምምሕዳር „Bundesverwaltungsgericht“ (ኣድራሻ ኣብ ድሕሪት ኣሎ) እቲ ዉሳነ ኣብ ወጻኢ ዓዲ ናበይ ክስደድ ከም ዘለዎ ንገራ/ሩ። ጠበቓ እንተለክን/ኩም ወለኳ ኣብ ወጻኢ ሃልዋ/ዉ እምበር ርክብ ኣይተቋርጻ/ጹ። ከምኡ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ፣ ብዛዕባ ኣዎንታዊ ዉሳነ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ምእታው ፍቓድ ክንገረክን/ኩም ዝኽእል።




## 5 ይግባይ ምባል

**እንተድኣ በቲ ውሳኔ ናይ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት ናይ ምቕባል ወጻእተኛ ስደተኛታት ዘይዓገብኩም ኮይንኩም ብጽሑፍ መልክዕ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ፥**

Bundesverwaltungsgericht
Postfach, CH-3000 Bern 14
**ተሌፎን** +41 (0)58 705 26 26
**ፋክስ** +41 (0)58 705 29 80

**ንናይ መዕረፍ ነፈርቲ ምጽራይ ይግባይ ንምባል ሓሙሽተ መዓልታት ጥራሕ እዩ ዘለኩን/ኩም።**

**ናይ ሕጊ ሓበሬታ ዝህቡ ቤት ጽሕፈታት ወይ ከኣ ጠበቓታት ክታሓባበሩኹም ይኽእሉ እዮም።** (**ኣብቲ ናይ ኣድራሻታት ዝርዝር ወይ ከኣ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተመልከት፡** http://www.for-refugees.ch).**ናይ ስዊዘርላንድ ናይ ስደተኛታት ሓጋዚ ድርጅት** (SFH) **ብኸመይ ኣገባብ ይግባይ ከምእትብሉ ዝገልጽ ሓበሬታ** Beschwerdeanleitung (http://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe/informationsblaetter) **ኣዳሊልኩም ኣሎ።**

**ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ኣድራሻ ቤት ጽሕፈታት መውሃቢ ምኽሪ**
Zürich-Kloten
SRK, Sozial-, Rechtsberatung, Transit ZH-Airport,
Tel. 043 816 57 82, Fax 043 816 57 83

Genf-Cointrin
ELISA, Permanence Aéroport, Case postale 110, 1211 Genève 7,
Tel. 022-733 82 62, Fax 022-733 82 47

**ኣብ ካንቶናት ዝርከብ ኣድራሻታት እንተድኣ ደሊኻ ኣብዚ ዝስዕብ ተመልከት:**
http://www.fluechtlingshilfe.ch/hilfe/nuetzliche-adressen

## 6 ሓፈሻዊ ሓበሬታ

**ናይ ሕጊ ምኽሪ፣ ጠበቓ**
ብናይ ሕጊ ሓገዝ ብዝምልከት ባዕልኹም ሓጋዛይ ንምርካብ ክትጽዕሩ ኣለኩም። እቲ ናይ ማሕበር ረድኤት ናይ ሕጊ ምኽሪ ዝዋሃበሉ ቦታታት ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽብዎ ትኽእሉ www.for-refugees.ch/ ወይ ከኣ ኣብ ሓደ ዝተፈለየ ናይ ኣድራሻታት ዝርዝር ዘለዎ ሰነድ።

**ስድራቤት ክስዕቡኻ ምግባር፣ ናይ ስድራቤት ምትእኽኻብ**
ዑቕባ ዝሓቱ ሰባት ስድራቤቶም ካብ ሃገሮም ንኸምጽኡ ፍቓድ የብሎምን።

**ሓገዝ (ሶዝያል ሂልፌ)፣ ረድኤት**
ሓገዝ ዘድልዮም ዑቕባ ዝሓተቱ ስደተኛታት እቲ ናይ ዑቕባ ጉዳዮም እንዳተኻየደ ከሎ ሓገዝ ይወሃቦም።
ብመሰረት ቅዋም ናይ ስዊዘርላንድ (ዓንቀጽ 12) ዝኾነ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብር ውልቀ ሰብ ጸገም ምስ ዘጋጥሞ ሓገዝ ንኽግበረሉ የፍቅድ። እንተዳኣ እቲ ዑቕባ ዝሓተትኩሞ ኣሉታዊ ናይ መንጸግቲ ውሳኔ ተዋሂብኩም ስጋብ እዚ ዓዲ ለቒቕኩም እትወጹ ረድኤት ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም እዚ ማለት ዋላ ኣብ ስዊዘርላንድ **ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ** ትነብሩ እንተኾይንኩም ማለት እዩ። እዚ ዝግበር ሓገዝ **መግቢ፣ መንበሪ ቦታ፣ ኽዳን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጊዜ ጸገማት ዝግበር ናይ ጥዕና ክንክን** ዘጠቓልለ እዩ። ከምዚ ዓይነት ረድኤት ንኽትረኽቡ ግን ኣብቲ ንኽትወጻ/ጹ ዝወሰነ ቤት ጽሕፈት ከተመልክቱ ስለዘለኩም እሞ ምስ ኣመልከትኩም ቤት ማእሰርቲ ንኽትኣትዎ ዘሎ ሓደጋ ዓቢ እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፥ www.for-refugees.ch/

**ስራሕ**
እቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት፣ ዑቕባ ምስ ሓተትኩም ኣብቲ ፈለማ ሰለስተ ስጋብ ሹዱሽተ ኣዋርሕ ዘሎ ጊዜ ስራሕ ንኽትሰርሑ ኣየፍቅዱልኩምን እዮም። ድሕሪኡ ግን ስራሕ ንኽትጀምሩ ክፍቀደልኩም ይኽእል እዩ እንተኾነ ግን ኣብ ውሑዳት ናይ ስራሕ ዓይነት ጥራሕ ንኽትሰርሑ`ዩ ዝፍቀደልኩም ከምኡ'ውን ነቶም ስራሕ ዝደልዩ ደቂ ሃገር እዩ ቀዳምነት ዝወሃቦም።

**መንበሪ ቦታ**
ኣድራሻኹም ምስ እትቕይሩ ነቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈት ብቕጽበት ክትሕብርዎም ኣለኩም። ብሓፈሽኡ ዑቕባ ኣብ ምሕታት ንዝርከቡ ሰባት ካብ ሓደ ካንቶን ንኽቕይሩ ኣይፍቀድን እዩ።

**ቤት ማእሰርቲ ምእታው**
ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክትኣትዉሉ እትኽእሉ ምኽንያት ከምዚ ዝስዕብ እንተድኣ ኣጋጢሙ እዩ፥
- → ናይ ዑቕባ ሕቶኽን/ኹም ስለዘይተኣምነ እንተተነጸገ።
- → ምስቶም ቤት ጽሕፈት ምትሕብባር እንድሕር ኣቢኹም።
- → ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ዘይሕጋዊ ኮይኑ ምስ ዝርከብ።
- → ገበን ምስ እትገብሩ።
- → እቲ ናብ ሃገርኩም ንኽትምለሱ ዝብል ጉዳይ ኣብ ግብሪ ንኸይውዕል ትሰርሑ ከምዘለኹም ዘርጋግጽ ጭብጥታት ምስ ዝህሉ።

**ናብ ወጻኢ ምጋሽ**
ዑቕባ ኣብ እትሓትሉ ጊዜ ካብ ስዊዘርላንድ ወጺእኹም ናብ ካልእ ሃገር ንኽትገሹ ኣይፍቀደኩምን እዩ ። ከምኡ'ውን ምስ ናይቲ ዝመጻእኩምሉ ሃገር ቆንስል ይኹን ካልእ ቤት ጽሕፈት ርክብ ንኽትገብሩ ኣይፍቀድን እዩ።